ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ሰሜን ኣሜሪካ

المجلس الوطني الإريتري للتغيير الديمقراطي
المكتب الإقليمي لأمريكا الشمالية

Eritrean National Council for Democratic Change
Regional Office of North America

# ንዝኽሪ ነ ፍሰሄር ሓው ማእከለ ተስፋሚርያምእምባየ
# በይኤርያ ካሊፎርንያ

ሓው ማእከለ ተስፋሚርያም እምባየ ንሃገሩን ማሕበረ ሰቡን ካብ ዘገልግል ዕድመንእስነቱ እዩ ክበሃል ይከኣልዩ። ብፍላይ ኣብ በይ ኤርያ ካልፎርንያ ኣብ ምንቅስቓስ ደለይቲ ፍትሕን ዲሞክራስን፣ ካብ ተራ ኣባል ክሳብ ምምራሕ ናይቲ ምንቅስቓስ፣ ንዓሞታት ሰብን እዝግን ዝምስክረሉ ህዝባዊ ዕማማት ዘተግበረ ውፉይ ሓርበኛ ተቓላሳይ እዩ። ሓውማእከለ እናሰርሐ ስድርኡ ብምእላይን፣ ንትምህርቲ እናተማላለሰ ከኣ ናይቲ ኣብ ስደተኛታት መንእሰያት ዜጋታትና ካብ ነዊሕ ግዜ ቦኹሩ ዘሎ ናይ ምህሮ ዕቤት ኣብነታዊ ተማሃራይ ላዕለዋይ ደረጃ ኮይኑ ክማሃር ጻዕሪ ዘርኣየ ዜጋዩ። ኣብ ርእስዚ ካብተን ናይ ድቃስን ዕረፍቲ ግዜኡን ካብ ስድርኡ መቒሉ ከኣ ወለንታዊ ስራሕ ኮምዩኒቲ/ማሕበረሰቡ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ ዜጋ እዩ።

እዚ ጥራይ ኣይኮነን ሓውማእከለ ዝተወፈየ! ኣብቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ስቶኮልምሽወደን ዝተኻየደ ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ካልኣይ ጉባኤውን ምስ ካልኣዩ ከይዶም ክሳተፉ ካብ በይ ኤርያ ተሚሪጾምከብቅዑ ጉባኤ ዝግበረሉ መዓልታት ልክዕ ምስ ሞሮሚራታት ቤት ትምህርቶምስለ ዝተጋጠመክብገሱ ስለዘይከኣሉ ብመተካእትኦምካልእ ሰብ ክኸይድ ተገይሩ። ሞት ሓውና ማእከለ ንኩሉ ህይወታትን፣ መትንታትን ህዝብና ዝተከፈን፣ ዘሰበደን ዘሕዝንን ተረኺቦ እዩ። በዚ ኣጋጣምዚ ከኣ ንበዓልቲ ቤቱን፡ ደቁን፡ ቤተሰቡን፡ ኣዕሩኽቱን

ፈተውቱን፣ ኣብ ቤይ ኤርያ ዝርከቡ መቓልስቱን ኣምላኽ ኢዱ ከንብረሎምን፣ ከጸናንዖምን፡ ንዕኡ ከኣ መንግስተሰሚያት ከዋርሶን እና ተማ ና ሜሪ ሓዘና ንግልጽ።

ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ኤሃባደለ ሰሜን ኣሜሪካ

ግንቦት 21, 2019